# ምዕባሌ ሕብረተሰብ

# በረካ




# البركة

ክፋል 3/3
ምንጭታት በረካ ኣብ ሂወትና

ክፋል 1/3 –“ትርጉምን ትሕዝቶን በረካ” (ኣቐዲማ ወጺኣ)
ክፋል 2/3 - “ዓይነታት በረካ” (ኣቐዲማ ወጺኣ)

ስዒድ ኣሕመድ - 06/06/2017
habereta@hotmail.com

**መእተዊ**
ኣብ ሂወትና በረካ ንምርካብ ክንገብሮም ዝግበኣና ብዙሕ ነገራት ኣለዉ። ካብ'ዚኦም ኣገባባት ብዝያዳ ኣብ ተግባር ምስእነውዕል፡ ብዝያዳ ድማ በረካ ንረክብ። በረካ ድማ ኣብ ገንዘብን ንብረትን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ውላድ፣ ስራሕ፣ ጥዕና፣ ግዜ ዝኣመሰሉ እውን በረካ ካብ ረቢ ሱ.ወ. ምሕታት ኣድላይነት ኣለዎ።
ኣብ'ዛ ጽሕፍቲ ተጠቒሰን ዘለዋ ናይ በረካ ምንጭታት ከም ኣብነት ጥራሕ ደኣ'ምበር በረካ ክንረኽበሎም እንኽእለሎም ኣገባባት ብርክት ዝበሉ እዮም። እዚ ብዝሒ ባዕሉ ናይ በረካ ምርካብ ዕድላትና ኣዝዩ ክብ የብሎ።
እዞም ተገሊጾም ዘለዉ ምንጭታት ሓፈሻዊ መምርሒ ደኣ'ምበር፡ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ'ሞ ክዝከር ዘለዎ በረካ ካብ ረቢ ሱ.ወ. ጥራሕ ዝመጽእ ምዃኑን ብወገና በረካ ንምርካብ ኢልና እንገብሮም ስራሓት ብረቢ ሱ.ወ. ተቐባልነት ምስዝረክብ ጥራሕ ምዃኑ እዩ።

**ኣብ ሂወትና ብኸመይ በረካ ክንረክብ ንኽእል?**
ነዚኣ መልሲ ንምምላስ፡ ኣብ ላዕሊ ከምእተገልጸ፡ ዝኾነ በረካ ካብ ረቢ ሱ.ወ. ጥራሕ ዝመጽእ ምዃኑ ምእማን ቅድመ-ኩነት እዩ። በዚ መሰረት፡ ሓደ ሰብ ንትእዛዛቱ ከኽብርን ከተግብርን ምስዝጅምር፡ ልባዊ ዝኾነ ተውባን እስቲቕፋርን ምስዝገብር፡ ረቢ ሱ.ወ. ድማ ስለዝዕረቕ፡ ኣብ ርዝቁን ማሉን በረካ፣ ኣብ ግዚኡ በረካ፡ ኣብ ውላዱ በረካ፡ ኣብ ስርሑ በረካ ከምኡ'ውን ኣብ ኩሉ መዳያት ሂወቱ በረካ የውርደሉ። ንሂወትና፡ ዝተዋሃበና ግዜን ርዝቅን በገባብ ምስ እንጥቀመሎም፡ ረቢ ሱ.ወ. ድማ ካብ ዘንብታት ምግባር ኣድሒኑ ንሂወትና ብበረካ ይመልኣ።
ሓደ ብኻልእ ሰብ ጽቡቕ ዝተገበረሉ ሰብ "ባረከላህ ፊክ" ኢሉ ምስዝምርቕ፡ ነዚ ገባር-ጽቡቕ ናይ ረቢ ሱ.ወ. በረካ ንኽወርዶ ይምነየሉ ኣሎ ማለት እዩ።

በረካ ማለት ምውሳኽ ወይ ምዕባይ ማለት ኮይና ብውሑድ ትሕዝቶ ንብዙሕ ምትእኽኻል፤ ብውሑድ ግዜ ብዙሕ ምስላጥ፤ ብውሑድ ጻዕሪ ብዙሕ ምፍራይ፣ ቅሩብ ደቂስካ ወይ በሊዕካ እኹል ምዕጋብ ዝሓዘ ኮይኑ ብርግጽ ድማ ካብ ረቢ ሱ.ወ. ጥራሕ ዝርከብ ጸጋ እዩ። ሓደ ነገር በረካ ኣለዎ ክበሃል እንከሎ ብቑጽሪ ካብ'ቲ ዘለዎ በዚሑ ማለት ዘይኮነስ ካብ እቲ ውሑድ ትሕዝቶ ዝርከብ ጥቕሚ ወይ ውጽኢት ብዙሕ ይኸውን ማለት እዩ። ብዙሓት ሰባት ንዝደልይዎ ነገራት ብግዜ ሕጽረት ምኽንያት ከርክቡሉ ይኽእሉ ከምዘየለዉ፤ እኹል ገንዘብ እንዳኣእተዉ እንከለዉ ይተኣኻኸለሎም ከምዘየለ ብዝኣመሰሉ ነገራት ክጣርዑ ይስምዑ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ኣብ ግዜኦምን ገንዘቦምን ዘሎ በረካ ተረፊዑ ይበሃል።
ሓደ ዓልም ንበረካ ክገልጾ እንከሎ ከም'ዚ ይብል፤ "ንሓደ ነገር ናይ ረቢ ጽቡቕ ድሌት ምስዝሕወሶ በረካ ተባሂሉ ይጽዋዕ እዩ። በረካ ዝዓለቦ ነገር ውሑድ ምስዝኸውን ንብዙሓት ከምዝኣክል ብዙሕ ምስዝኸውን ድማ ጠቓሚ ይኸውን። እቲ ዝዓበየ ፍርያት ናይ በረካ ድማ ነቲ በረካ ኣብ ዒባዳ ረቢ ምስዝውዕል እዩ።"

## <u>ምንጪ ናይ በረካ</u>

ማንም ሰብ፡ ኣብ መንገዲ ረቢ ኮይኑ ጽኑዕ ድልየት ሒዙ ዝጸዓረ ሰብ፡ ኣብ ንብረቱን ግዚኡን በረካ ክረክብ ይኽእል። በረካ ንምርካብ ገለ ካብ ቅድመ-ኩነታት ስዒበን ተጠቒሰን ኣለዋ፤

1. <u>ጽቡቕ ንያ (ዕላማ)</u>
   ዝኾነ ነገር ጽቡቕ ኒያ ብምሕሳብ ንረቢ ኢልካ ዝግበር እንድሕር ኮይኑ በረካ ይወርዶ። ከም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ባዕሉ በረካ ማለት ናይ ረቢ ጽቡቕ ድሌት ዝተሓወሶ ስለዝኾነ እንገብሮ ኒያ ድማ ንረቢ ኢልካ ክኸውን ይግባእ።
2. <u>ዒባዳ ረቢ ሱ.ወ.</u>
   ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ከምዝበልዎ፡ ረቢ ሱ.ወ. ስዒቡ ዘሎ ኢሉ፡
   "ኦ ደቂ ኣደም! ዒባዳ ንኽትገብሩለይ ንነብስኹም ነጻ ግበሩ፡ ንልብኹም ድማ ብሃብቲ መሊአ ድኽነት ከርሕቐልኩም እየ" ከምዝበሉ ኣብ ሓዲስ ኣቡ ሁረይራ ተመዝጊቡ ይርከብ፡

   ( إِنَّ اللَّهَ تَعَالَى يَقُولُ يَا ابْنَ آدَمَ تَفَرَّغْ لِعِبَادَتِي أَمْلأْ صَدْرَكَ غِنًى وَأَسُدَّ فَقْرَكَ وَإِلاَّ تَفْعَلْ مَلأْتُ يَدَيْكَ شُغْلاً وَلَمْ أَسُدَّ فَقْرَكَ )
3. <u>ሰላት</u>
   ኣብ ሱረት ጣሃ ኣያ 132 (20፡132) ንሰላት በገባብ ኣጽኒዕካ ሒዝካ ንስድራኻ'ውን ነዚ ንኽኽተሉ ምስእትእዝዝ፡ ረቢ ረዛቒ ምዃኑ ስዒባ ዘላ ኣያ ትሕብር፡

   (وَأۡمُرۡ أَهۡلَكَ بِٱلصَّلَوٰةِ وَٱصۡطَبِرۡ عَلَيۡهَاۖ لَا نَسۡـَٔلُكَ رِزۡقٗاۖ نَّحۡنُ نَرۡزُقُكَۗ وَٱلۡعَـٰقِبَةُ لِلتَّقۡوَىٰ)

   እዚኣ ኣያ ከምእትሕብሮ፡ ሰላት ባዕላ ዓባይ ምንጪ ናይ ርዝቂ በረካ ምዃና እዩ።
4. <u>ዝክርያት፡ እምነትን ፍርሒ ረብን</u>
   ረቢ ሱ.ወ. ኣብ ሱረት ኣል ኣዕራፍ ኣያ 96 (7፡96) ብህዝብን ዓድን ደረጃ'ውን እንተኾነ ናይ በረካ ቅድመ-ኩነት እምነትን ፍርሒ ረብን ምዃኑ ብስዒባ ዘላ ኣያ ይሕብር፡

   [وَلَوْ أَنَّ أَهْلَ الْقُرَىٰ آمَنُوا وَاتَّقَوْا لَفَتَحْنَا عَلَيْهِمْ بَرَكَاتٍ مِنَ السَّمَاءِ وَالْأَرْضِ وَلَٰكِنْ كَذَّبُوا فَأَخَذْنَاهُمْ بِمَا كَانُوا يَكْسِبُونَ ]

ኣብ ሱረት ኣል ኣል ጠላቕ ኣያ 2-3 (65:2-3) እምነትን ፍርሒ ረቢ ሱ.ወ. ካብ መጻብበ ከምዘውጽእ ከምኡ'ውን ብዘይሓሰብካዮ መንገድን ኣገባብን ርዝቂ ከምዝወሃበካ እትሕብር ስዒባ ዘላ ኣያ ምስ በረካ ክትተሓሓዝ ትኽእል እያ።

[مَنْ كَانَ يُؤْمِنُ بِاللَّـهِ وَالْيَوْمِ الْآخِرِ ۚ وَمَنْ يَتَّقِ اللَّـهَ يَجْعَلْ لَهُ مَخْرَجًا ﴿٢﴾ وَيَرْزُقْهُ مِنْ حَيْثُ لَا يَحْتَسِبُ]

ኣብ ሱረት ጣሃ ኣያ 124 (20:124) ካብ ዝክርያት ረቢ ሱ.ወ. ዝርሕቕ ሰብ ከቢድ ናብራ ከሕልፍ ምዃኑ ተጠቒሱ ይርከብ፡

[وَمَنۡ أَعۡرَضَ عَن ذِكۡرِى فَإِنَّ لَهُۥ مَعِيشَةً ضَنكًا]

በንጻሩ ድማ ኣብ ረቢ ሱ.ወ. እምነት ገይሩ ፍርሒ ረቢ ዘርኢ፡ ብዘይ ሓሰቦ ርዝቂ ከኣትዎ ምዃኑ ኣብ ሱረት ኣል-ጠላቕ ኣያ 2 (65:2) ሰፊሩ ይርከብ፡

[مَن كَانَ يُؤۡمِنُ بِٱللَّهِ وَٱلۡيَوۡمِ ٱلۡأٓخِرِ ۚ وَمَن يَتَّقِ ٱللَّهَ يَجۡعَل لَّهُۥ مَخۡرَجًا (٢) وَيَرۡزُقۡهُ مِنۡ حَيۡثُ لَا يَحۡتَسِبُ ۚ وَمَن يَتَوَكَّلۡ عَلَى ٱللَّهِ فَهُوَ حَسۡبُهُۥٓ ]

5. <u>ካብ ረቢ ሱ.ወ. ይቕረ ምሕታት (እስቲቕፋር)</u>
ኣብ ሱረት ኑሕ ኣያ 10-12 (71:10-12) ናብ ረቢ ሱ.ወ. እስቲቕፋር ምስእነቕርብ ቆፋር ምዃኑ ብምሕባር፡ ውጽኢት ናይ'ዚ ድማ ካብ ጸጋታቱ ብመልክዕ ንብረትን ውላድን ክልግሰልና ምዃኑ እትሕብር ኣያ ስዒባ ዘላ እያ፡

[فَقُلۡتُ ٱسۡتَغۡفِرُواْ رَبَّكُمۡ إِنَّهُۥ كَانَ غَفَّارًا (١٠) يُرۡسِلِ ٱلسَّمَآءَ عَلَيۡكُم مِّدۡرَارًا (١١) وَيُمۡدِدۡكُم بِأَمۡوَٰلٍ وَبَنِينَ وَيَجۡعَل لَّكُمۡ جَنَّـٰتٍ وَيَجۡعَل لَّكُمۡ أَنۡهَـٰرًا (١٢)]

ረሱል ሰ.ዓ.ወ. እውን፡ "ሓደ ሰብ ብቐጻሊ መልክዕ እስቲቕፋር ምስዝገብር፡ ረቢ ድማ ካብ ኩሉ ጸገማት፡ ጸበባን ሽግራትን መዋጽእቲ ብምግባር ካብ ዘይተሓሰበ ሸነኽ ክርዝቖ ምዃኑ ብስዒቡ ዘሎ መልክዕ ገሊጾም፡

(من لزم الاستغفار ، جعل الله له من كل ضيق مخرجاً ومن كل هم فرجاً، ورزقه من حيث لا يحتسب)

6. <u>ንወለዲ ክብረት ዝመለአ ምእዙዝ ምዃን</u>
ኣብ ልዕሊ ወለዲ ኣኽብሮት ብምርኣይ ምእዙዝ ምዃን ዓቢ ምንጪ በረካ እዩ።
ኣብ ሱረት ኣል-ኣሕቓፍ ኣያ 15 (46:15) ንወለዲ ምእዙዝ ምዃን ትእዛዝ ረቢ ሱ.ወ. ምዃኑ ሰፊሩ ይርከብ።

[وَوَصَّيۡنَا ٱلۡإِنسَـٰنَ بِوَٰلِدَيۡهِ إِحۡسَـٰنًا]

7. <u>ተወኩል፡ ምሉእ እምነትካ ኣብ ረቢ ምሕዳር</u>
ኣብ ሱረት ኣል ኣል ጠላቕ ኣያ 2-3 (65:2-3) ኣብ ረቢ ሱ.ወ. ተወኩል ዝገብር ሰብ፡ ጉዳያቱ ኣሳልጦ ከምዝረክብ ሰፊሩ ይርከብ፡

[وَمَنْ يَتَوَكَّلْ عَلَى اللَّـهِ فَهُوَ حَسْبُهُ ۚ إِنَّ اللَّـهَ بَالِغُ أَمْرِهِ ۚ قَدْ جَعَلَ اللَّـهُ لِكُلِّ شَيْءٍ قَدْرًا]

ረሱል ሰ.ዓ.ወ ብዛዕባ ኣብ ረቢ ምውካል ከዛረቡ እንከለዉ፡ "እንድሕር ሓቀኛ እምነት ጌርካ ኣብ ረቢ ተወኪልካ፣ ረቢ ድማ፡ ልክዕ ጨራሩ ንግሆ ጥራሕ ከብደን ወፊረን፡ ኣጋምሸት ድማ ከበደን ጸጊበን ከምዝምለሳ፡ ንዓኻ እውን ንመነባብሮኻ ዝኸውን እኹል ዝኾነ ከቕርበልካ እዩ" ኢሎም።
ሽይጣን ንፍርሒ ድኽነት ኣብ ኣእምሮ ኣሰሪጹ ናብ እከይ ተግባራት ከምዝመርሓካ፡ በንጻሩ ድማ ረቢ ሱ.ወ. መቐፊራን ጸጋታቱን ከምዝዝርግሓልና ኣብ ሱረት ኣል በቐራ ኣያ 268 (2:268) ብስዒቡ ዘሎ መልክዕ ቀሪቡ ይርከብ፡

[ٱلشَّيۡطَـٰنُ يَعِدُكُمُ ٱلۡفَقۡرَ وَيَأۡمُرُكُم بِٱلۡفَحۡشَآءِ ۖ وَٱللَّهُ يَعِدُكُم مَّغۡفِرَةً مِّنۡهُ وَفَضۡلاً ۗ وَٱللَّهُ وَٰسِعٌ عَلِيمٌ]

8. <u>ብስሚላህ ምባል</u>
ቅድሚ ዝኾነ ነገር ምግባርና "ብኢስሚላህ" ኢልና ምስ እንጅምር እሞ ሽም ረቢ ሱ.ወ. ንጽውዕ ስለዘለና በረካ ዝተሓወሰ ይኸውን፡

[بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَـٰنِ ٱلرَّحِيمِ]

9. <u>ቁርኣን ምቕራእ</u>
እቲ ዝዓበየ ምንጪ በረካ ኣዘውቲርካ ቁርኣን ምቕራእ እዩ። እዚ ሓቂ ኣብ ሱረት ኣል-ኣንዓም ኣያ 92 (6:92) ብስዒቡ ዘሎ መልክዕ ሰፊሩ ይርከብ

[وَهَـٰذَا كِتَـٰبٌ أَنزَلۡنَـٰهُ مُبَارَكٌ]

ኣብ ሓዲስ ሰፊሩ ከምዘሎ፡ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ስዒቡ ዘሎ ኢሎም፡

"ኣብ ቁርኣን ዝቐራኣሉ ገዛ፡ ብርግጽ ኣብኡ ዘሎ ጽቡቕ ነገራት ክውስኽ እዩ።" ኣብ ካልእ ሓዲስ ኣስዕብ ብምባል ድማ፡ "ንስድራ ቤት ኩሉ ነገር ዝቀለለ ክኾነሎም እዩ።" ከምዝበሉ ተመዝጊቡ ይርከብ።

10. <u>ንኹሉ ናይ ረቢ ሱ.ወ. ጸጋታትን ምስጋና ምቕራብ</u>
ኣብ ሱረት ኢብራሂም ኣያ 7 (14:7) ምስጋና ምስእነርኢ ክውሰኸና ምዃኑ ብስዒቡ ዘሎ መልክዕ ሰፊሩ ይርከብ።

[لَئِن شَكَرۡتُمۡ لَأَزِيدَنَّكُمۡۖ]

ገሊኦም ዑለማእ ከምዝብልዎ እዚኣ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሳ ዘላ ኣያ ምስ ኣብ ሱረት ኣል በቐራ ኣያ 80 (2:80) ምስእትርከብ ስዒባ ዘላ ኣያ ኣዛሚድካ ብምርኣይ፡ ረቢ ሱ.ወ. ቃሉ ከምዘየፍርስ ስለእትሕብር፡ ኩሉ ምስጋና ዘቕርብ ሰብ ዝያዳ ክህቦ ምዃኑ ቃል ኣትዩ ኣሎ።

[فَلَن يُخۡلِفَ ٱللَّهُ عَهۡدَهُۥٓۖ]

ብምልሓስካ፡ ብልብኻ፡ ንዝሃበካ ኒዕማታት ኣብ ጽቡቕ ተግባራት ብምውዓል፡ ትእዛዛቱ ብምኽባር ከምኡ'ውን ግቡእ ዒባዳታት ብምግባር ምስጋናኻ ንረቢ ሱ.ወ. ኣቕርብ።

11. <u>ዘካትን ሰደቓ ምውጻእ</u>
ኣብ ሓዲስ ቑድሲ ረቢ ሱ.ወ. "ኦ ወዲ ኣደም! ኣውጽእ፡ ኣነ ድማ ኣብ ልዕሌኻ ከውጽእ እየ" ከምዝበለ ብስዒቡ ዘሎ መልክዕ ሰፊሩ ይርከብ፡

[قَالَ اللَّهُ أَنْفِقْ يَا ابْنَ آدَمَ أُنْفِقْ عَلَيْكَ]

ሂወትካ በረካ ዝሰኣነ ኮይኑ ምስዝስማዓካ፡ እቲ ዝቐልጠፈ መንገዲ በረካ ንምርካብ፡ ካብ'ታ ተዋሂባትካ ዘላ፡ ንኻልኦት ሓቀኛ ልግሲ ብምርኣይ ኢድካ ብምዝርጋሕ እዩ።
ምእንተ ነብስኻን ስድራቤትካን ኢልካ ግዴታዊ ዘካት (ዘካት፡ ዘካተል-ፊጥር ዝኣመሰሉ) ከምኡ'ውን ብድሌትካ ዝከኣለካ ንስኡናትን ጽጉማትን ኣውጽእ።
ረሱል ሰ.ዓ.ወ. "ሰደቓ ምውጻእ ንዘሎ ሃብቲ ወይ ንብረት ኣየጉድሎን እዩ" ከምዝበሉ ብስዒቡ መልክዕ ኣብ ሰሒሕ ሙስሊም ተመዝጊቡ ይርከብ፡

(مَا نَقَصَتْ صَدَقَةٌ مِنْ مَالٍ)

እቲ ዘሎ ንኣብነት ብዝሒ ገንዘብ ሰደቓ ምስኣውጻእካሉ፡ ዝጎደለ ኮይኑ ይስማዓካ ይኸውን። ኮይኑ ግን ባዕሉ እቲ ምውጻእ ሒዝዎ ዝመጽእ በረካ ነቲ ተሪፉ ዘሎ ገንዘብ ካብ ዝተሓሰበ ንላዕሊ ጥቕሚ ከምዝህብ ይገብሮ።
ሰደቓ ምውጻእ ረብሓ ዝህብ ምዃኑ ኣብ ሱረት ኣል-በቐራ ኣያ 276 (2:276) ሰፊሩ ይርከብ፡

[يَمۡحَقُ ٱللَّهُ ٱلرِّبَوٰاْ وَيُرۡبِي ٱلصَّدَقَٰتِۗ]

ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ከምዝበልዎ ድማ ዝኾነ ንብረት ሰደቓ ስለዝወጸ ዝጎድል የለን፡ ምእንቲ ረቢ ሱ.ወ. ኢሉ ትሕትና ዘርኢ ድማ ደረጅኡ ክብ ከምዝብል ብስዒቡ ዘሎ መልክዕ ገሊጾሞ፡

(مَا نَقَصَتْ صَدَقَةٌ مِنْ مَالٍ وَمَا زَادَ اللَّهُ عَبْدًا بِعَفْوٍ إِلاَّ عِزًّا وَمَا تَوَاضَعَ أَحَدٌ لِلَّهِ إِلاَّ رَفَعَهُ اللَّهُ)

12. <u>ሰላተል-እስቲኻራ ምስጋድ</u>
ኣብ ዝኾነ ጉዳይ ንረቢ ሱ.ወ. ንምምኻር ኢልካ ዝስገድ ሰላተል-እስቲኻራ ምስጋድን ንድንጋጌ ረቢ ሱ.ወ. ምቕባል ዓቢ ምንጪ ናይ በረካ እዩ። ረሱል ሰ.ዓ. ከምዝመሃርዎ፡ "ዝኾነ ሰብ ካባኹም ጉዳይ ምስዘጋጥሞ፡ ክልተ ረከዓት (2 ረከዓት ናፍል) ድሕሪ ምስጋድ ዱዓ ይግበር" ኢሎም።

13. ኩሉ ግዜ ምስ ውዱእካ (ውዱእ ጌርካ) ምጽናሕ

14. <u>ንኻልኦት ሰባት ዓዲምካ ብሓባር ምብላዕ</u>
ሓቅነት ናይ'ዚ ክዉንነት ዝኾነ ሰብ ናብ ገዝኡ ሰብ ዝዓደመ ሰብ ከረጋግጾ ዝኽእል እዩ። ወላ'ኳ ቅድሚ ኣጋይሽን ዕዱማትን ምምጽኦም ኣዳሊናዮ ዘለና ውሑድ ኮይኑ ይሰማዓና ደኣ'ምበር፡ እኹልን ትሩፍን ይኸውን።
ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ብሓባር ምብላዕ በረካ ዝሓዘ ምዃኑ ብስዒቡ መልክዕ ገሊጾሞ፡

(كُلُوا جَمِيعًا وَلاَ تَفَرَّقُوا فَإِنَّ الْبَرَكَةَ مَعَ الْجَمَاعَةِ)

ኣብ ዝተፈላለዩ ሓዲሳት ከምዝርከብ፡ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ከይተፈላለኹም ብሓባር ብልዑ፡ ንሓደ ዝበልካዮ ንኽልተ ከምዝኣክል፣ ንኽልተ ዝበልካዮ ንሰለስተን ንኣርባዕተን ይኣክል እዩ ድሕሪ ምባል ኣብ ብሓባር ኰንካ ምብላዕ በረካ ከምዘለዎ ምሂሮም፣

(كلوا جميعاولا تفرقوا؛ فإن طعام الواحد يكفي الاثنين وطعام الاثنين يكفي الثلاثة والأربعة كلوا

جميعا ولا تفرقوا؛ فإن البركة في الجماعة)

ባዕሉ ብሓባር ኲንካ ምብላዕ በረካ ዝሓዘ ኮይኑ፡ ብዝያዳ በረካ ንምርካብ ድማ ካብ ብሸነኽካ ዘሎ መግቢ ምብላዕ ጥቕሚ ከምዘለዎ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ብስዒቡ መልክዕ ገሊጾሞ፡

(لبركة تنزل وسط الطعام، فكلوا من حافتيه ولا تأكلوا من وسطه)

ብተመሳሳሊ ኣገባብ ኩሉ ብሓባር ዝበልዕ ዘሎ ሰብ፡ ሽም ረቢ ጸዊዑ ካብ ሸነኹ ዘሎ ክበልዕ ከምዘለዎ ስዒባ ዘላ ሓዲስ ብዝያዳ መብርሂ ትህብ

(اذْكُرُوا اسْمَ اللهِ وَلْيَأْكُلْ كُلُّ رَجُلٍ مِمَّا يَلِيهِ)

15. <u>ኣብ ኩሉ ነገራት ሱና ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ምኽታል</u>
ረቢ ሱ.ወ. ኣብ ሱረት ኣል-ኣሕዛብ ኣያ 21 (33፡21) ከምዝበሎ፡ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. እቶም ዝበለጹ ኣብነትን ኣርኣያን ምዃኖም ብስዒቡ ዘሎ መልክዕ ሰፊሩ ይርከብ፡

[قَدۡ كَانَ لَكُمۡ فِي رَسُولِ ٱللَّهِ أُسۡوَةٌ حَسَنَةٞ لِّمَن كَانَ يَرۡجُواْ ٱللَّهَ وَٱلۡيَوۡمَ ٱلۡأٓخِرَ وَذَكَرَ ٱللَّهَ كَثِيرٗا]

እዚ ማለት ረሱል ሰ.ዓ.ወ. እቶም ዝበለጹ ነቢ ጥራሕ ዘይኮኑስ፡ ዝበለጹ መምህር፡ ዓርኪ፡ ኣላዪ ውጹዓት፡ ኣቦ ሓዳር፡ መራሒ ዝኣመሰሉ ክንመሃረሎም እንኽእልን ዝግበኣናን ጠባያት ዝሓዙ እዮም። በዚ መሰረት ኣብ ሂወትን ኣኺራን ዕዉት ንምዃን ኣሰሮምን ኣብነቶምን ብሱና መልክዕ ንዝተገለጹ ምስዓብ በረካ ሂቡ ናብ ጽቡቕ ተግባራት ዝመርሕ እዩ። ገለ ካብ ሱናታት ንምግላጽ ዝኣክል ድማ፡ ኣብ ሮሞዳን ሰሑር ምብላዕ፣ ብየማናይ ኢድካን ብሸነኽካን ካብዘሎ ምብላዕ፣ ሰላተል ዒድ ኬድካ ምስጋድ፡ ብየማናይ ጎንኻ ምድቃስ ዝኣመሰሉ ጠባያት እዮም።

16. <u>ኣንጊህካ ምትሳእ</u>
ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ንኡመተይ ኣብ ኣንጊህካ ምትሳእ በረካ ግበረሎም ኢሎም ዱዓ ይገብሩ ነይሮም፡

(اللَّهُمَّ بَارِكْ لأُمَّتِي فِي بُكُورِهَا)

ኣንጊህካ ምትሳእ፡ ንሰላተል-ሱብሒ ኢልካ ብምትሳእ ክጅምር ይኽእል።
ብብሂላዊ ኣዘራርባ ”ኣንጊህካ ዝኸድካዮ፡ ብንኡስካ ዝወልደካዮ፡ እናሓደረ የሐጉሰካ” ዝብል ኣዘራርባ ኣቐዲምካን ብእዋኑን እትገብሮ ነገራት ፍርያት ዝህብ ምዃኑ ንምሕባር ዝእምት እዩ።

17. <u>ሰሑር ኣብ ጾም ሮሞዳን</u>
ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ኣብ እዋን ሮሞዳን ሰሑር ምብላዕ በረካ ሒዙ ከምዝመጽእ ይምህሩና፡

(تَسَحَّرُوا فَإِنَّ فِي السُّحُورِ بَرَكَةً)

18. <u>ስድራቤታዊ ምትእስሳር ምጥንኻር</u>
በረካ ከምጽኡ ካብ ዝኽእሉ ምንጭታት ሓደ ምእንቲ ረቢ ሱ.ወ. ኢልካ ስድራቤታዊ ምትሕትታት፡ ምትእስሳርን ሕድሕዳዊ ጽቡቕ ነገራት ምግባርን እዩ።
ኣብ ሱረት ሙሓምደ ኣያ 22-23 (47፡22-23) ስድራቤታዊ ርክባት ምቁራጽ ምስ ኣብ መሬት ብልሽውና (ፈሳድ) ምክያድ ማዕረ ዝተጠቕሰ ኮይኑ፡ ረቢ ሱ.ወ. ኣብ ልዕሊኦም ላዕና ኣውሪዱ ጸማማት ገይሩ ዕዉራት ከምዝገብሮም ትሕዝቶ ዘለዎ ኣያ ብስዒቡ መልክዕ ይርከብ፡

[فَهَلۡ عَسَيۡتُمۡ إِن تَوَلَّيۡتُمۡ أَن تُفۡسِدُواْ فِي ٱلۡأَرۡضِ وَتُقَطِّعُوٓاْ أَرۡحَامَكُمۡ (٢٢) أُوْلَٰٓئِكَ ٱلَّذِينَ لَعَنَهُمُ ٱللَّهُ

فَأَصَمَّهُمۡ وَأَعۡمَىٰٓ أَبۡصَٰرَهُمۡ (٢٣)]

ናብ ገዛኻ ክትኣቱ እንከለኻ፡ ሰላም ኢልካ ምእታው በረካ ኣብ ነብስኻን ኣብ ስድራካን ሒዙ ዝኣቱ ምዃኑ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ገሊጾሞ፡

(يا بُني، إذا دخلت على أهلك، فسلم، يكن بركة عليك، وعلى أهل بيتك)

19. <u>ሓላል ዝኾነ እትዋት/ገንዘብ</u>
ዝኾነ እትዋን ካብ ብሓላል ዝተሰረሐ ስራሕ ክኸውን ኣለዎ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣፍልጦ ምስዝህልወና ድማ እንሰርሓሎም

ሰባት ዝኸፍሉና ገንዘብ ወይ ደሞዝ ብሓላል ዘምጽእዎ ክኸውን ኣለዎ። እንሰርሖ ስራሕ'ውን ብቅጥዐ-ምግባራውን ብሞራላውን ዓይኒ ምስዝረአ ቅኑዕ መንገዲ ዝሓዘ ክኸውን ይግባእ።
ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ኣድላይነት ሓላል ዝኾነ እትዋት ክገልጹ እንከለዉ "ኣላህ ጽቡቕ ስለዝኾነ ብጀካ ጽቡቕ ድማ ኣይቅበልን እዩ" (أَيُّهَا النَّاسُ إِنَّ اللَّهَ طَيِّبٌ لاَ يَقْبَلُ إِلاَّ طَيِّبًا وَإِنَّ اللَّهَ أَمَرَ الْمُؤْمِنِينَ بِمَا أَمَرَ بِهِ الْمُرْسَلِينَ فَقَالَ)
ድሕሪ ምባል ኣብ ሱረት ኣል-ሙእሚኑን ኣያ 51 (23:51) ተመሳሳሊ ትሕዝቶ ንዘለዋ ስዒባ ንዘላ ኣያ ቀሪኦም:

[يَـٰٓأَيُّهَا ٱلرُّسُلُ كُلُوا۟ مِنَ ٱلطَّيِّبَـٰتِ وَٱعْمَلُوا۟ صَـٰلِحًا ۖ إِنِّى بِمَا تَعْمَلُونَ عَلِيمٌ]

ኣብ'ዚኣ ኣያ'ውን እንተኾነ ሓላል ዝኾነ እትዋት ጥራሕ ፍቑድ ምዃኑ ብምሕባር: ዝኾነ እንገብሮም ነገራት ረቢ ሱ.ወ. ዝፈልጦ ምዃኑ ትነግር።

20. <u>ቅንዕና ዝሓዘ ንግዲ ምክያድ</u>
ብዘይ ቅንዕና ዝካየድ ንግዲ ንበረካ ከምዝጠፍእ ብምግባ: ንዘሎ'ውን ለኪምዎ ከምዝኸይድ ይገብሮ።
ኣብ ሓዲሳት ሰሒሕ ሙስሊምን ቡኻሪን ተመዝጊቡ ከምዘሎ: ሓደ ሸያጣይ ንሓደ ገዛኣይ ብምምሓል ንኽዝእ የእምኖ ይኸውን: እዚ ኣገባብ ግን ንበረካ ዘጥፍእ እዩ ኢሎም:

(الْحَلِفُ مُنَفِّقَةٌ لِلسِّلْعَةِ مُمْحِقَةٌ لِلْبَرَكَةِ)

ኣብ ካልእ ሓዲስ ሰሒሕ ኣልቡኻሪ ተመዝጊቡ ከምዝርከብ: ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ሓደ ሸያጥን ገዛእን ክሳብ ብስምምዕ ዝፈለላዩ: ንናይ ምሻጥን ምግዛእን ምውጋዮም ንኽቕርጽዎ ክልቲኦም መሰል ኣለዎም። ኣብ'ቲ ዝሸየጥ ዘሎ ኣቕሓ ንዘሎ ጉድለትን ጌጋን ከይሓበኡ ንጹር ገይሮም ሓቂ ተዛሪቦም: ኣብ ዕዳግኦም በረካ ክረኽቡ እዮም። በንጻሩ ድማ ሓሶት ብምዝራብ ንዘሎ ጌጋታትን ጉድለታትን ብምሕባር ክሸጡ ምስዝፍትኑ ሸቐጦም ካብ በረካ ረቢ ሱ.ወ. ዝራሓቐ ክኸውን እዩ።

(الْبَيِّعَانِ بِالْخِيَارِ مَا لَمْ يَتَفَرَّقَا، فَإِنْ صَدَقَا وَبَيَّنَا بُورِكَ لَهُمَا فِي بَيْعِهِمَا، وَإِنْ كَذَبَا وَكَتَمَا مُحِقَتْ بَرَكَةُ بَيْعِهِمَا)

21. <u>ደሞዝ እተሰርሖም ዘለኻ ሰባት ብግዚኡ ምሃብ: ምስ እትኽእል ድማ ዝያዳ ምውሳኽ</u>
ኣብ ሓዲስ ኣቡ ሁረይራ ሰፊሩ ከምዘሎ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ኣብ የውመል-ቂያማ ናይ ሰለስተ ነገራት ተቓዋሚ ክኾኑ ምዃኖም ይሕብሩ: ንሰን ድማ:
21.1. ብሸሞም ቃል ኣትዩ ዝጠልምን ዘታልልን፣
21.2. ጉልበት ሰብ ዝምዝምዝ ከምኡ'ውን
21.3. ንሓደ ሰብ ስራሕ ኣሰሪሑ፡ ኣገልግሎት ድሕሪ ምርካቡ: ንዚ ሰብ ደሞዙ ዘይከፍሎ ምዃነን ብስዒቡ መልክዕ ሰፊሩ ይርከብ:

(ثَلاَثَةٌ أَنَا خَصْمُهُمْ يَوْمَ الْقِيَامَةِ وَمَنْ كُنْتُ خَصْمَهُ خَصَمْتُهُ يَوْمَ الْقِيَامَةِ رَجُلٌ أَعْطَى بِي ثُمَّ غَدَرَ
وَرَجُلٌ بَاعَ حُرًّا فَأَكَلَ ثَمَنَهُ وَرَجُلٌ اسْتَأْجَرَ أَجِيرًا فَاسْتَوْفَى مِنْهُ وَلَمْ يُوفِهِ أَجْرَهُ)

ኣብ ካልእ ሓዲስ'ውን እንተኾነ: ረሱል ሰ.ዓ.ወ. እውን እንተኾኑ: "ተቖጺሩ ዝሰርሕ ሰብ: ደሞዙ ቅድሚ ረሃጹ ምንቃጹ ክፈልዎ" ኢሎም:

(أَعْطُوا الأَجِيرَ أَجْرَهُ قَبْلَ أَنْ يَجِفَّ عَرَقُهُ)

22. <u>ክትሸይጥ እንከለኻ ዝከኣል ምስዝኸውን ቁሩብ ኣዝዩድ ኣቢልካ ምሃብ</u>
23. <u>ካብ ሓሶትን ሓቂ ዘይኮነ ማሕላ ምርሓቕ</u>
ናይ ረቢ ውዕልን ማሕለኦምን ዘፍርሱ ሰባት ኣብ የውመል-ቅያማ ረቢ ሱ.ወ. ኣየዛርቦም ቁሊሕ ኢሉ'ውን ከምዘይሪኦም ብምግባልጽ ከቢድ መቕጻዕቲ ከምዘለዎ ሱረት ኣል-ዕምራን ኣያ 77 (3:77) ትገልጽ:

[إِنَّ ٱلَّذِينَ يَشْتَرُونَ بِعَهْدِ ٱللَّهِ وَأَيْمَـٰنِهِمْ ثَمَنًا قَلِيلًا أُو۟لَـٰٓئِكَ لَا خَلَـٰقَ لَهُمْ فِى ٱلْـَٔاخِرَةِ وَلَا يُكَلِّمُهُمُ ٱللَّهُ
وَلَا يَنظُرُ إِلَيْهِمْ يَوْمَ ٱلْقِيَـٰمَةِ وَلَا يُزَكِّيهِمْ وَلَهُمْ عَذَابٌ أَلِيمٌ]

ካብ ሓሶትን ቃል ዘይምፍራስን ምርሓቕ ድማ ንበረካ ዝውስኽ ምንጪ እዩ።

24. <u>ካብ ዕዳ ነጻ ንምዃን ምፍታን</u>
ብዝተኸኣለ መጠን ካብ ካልኦት ዘይምልቃሕን ዕዳ እንተሃሊዩካ ድማ ብዝተኻኣለ መጠን ቀልጢፍካ ምኽፋል ኣብ እንረኽቦ በረካ ዓቢ ግደ ኣለዎ። ብቀዳማይ ደረጃ ኩሉ ትጽቢታትካ ካብ ረቢ ሱ.ወ. ጥራሕ ይኹን።

25. <u>ሓዳር</u>
ኣብ ሱረት ኣል-ኑር ኣያ 32 (24፡32) ዘላ ኣያ ገለ ካብ ትሕዝቶኣ፡ ኣብ መንጎና ካብ ዘለዉ/ዋ ዘይተመርዓዉ/ዋ ክንመረዓዕዎም ከምዘለና፡ ድኽነት ዓንቃፊ ምስዝኸውን ድማ፡ ረቢ ሱ.ው. በቲ ራሕመቱ መዋጽኢቲ ክገብረሎም ምዃኑን ከምኡ`ውን ፈላጥ ኩሉ ምዃኑ ዝሕብር ኣያ ብስዒቡ መልክዕ ሰፊር ይርከብ፡

[وَأَنكِحُواْ ٱلۡأَيَٰمَىٰ مِنكُمۡ وَٱلصَّٰلِحِينَ مِنۡ عِبَادِكُمۡ وَإِمَآئِكُمۡۚ إِن يَكُونُواْ فُقَرَآءَ يُغۡنِهِمُ ٱللَّهُ مِن فَضۡلِهِۦۗ وَٱللَّهُ وَٰسِعٌ عَلِيمٞ]

ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ንሓደስቲ ዝተመርዓዉ ናይ በረካ ዱዓ ክገብሩሎም እንከለዉ "ረቢ ይባርኽልኩም፡ ረቢ'ውን ይባርኽኩም፡ ኣብ ጽቡቕ ድማ ይኣክብኩም" ኢሎም ስዒቡ ዘሎ ዱዓ ይገብሩሎም ነይሮም፡

(بَارَكَ اللهُ لَكُم ، وَبَارَكَ عَلَيْكُم ، وَجَمَعَ بَيْنَكُمَا فِي خَيْرٍ)

26. <u>ካብ ሓረጣ ምርሓቕ</u>
ኩሉ ዓይነትን መልክዕን ሓረጣ፡ ምሃብ ይኹን ምውሳድ፡ ክውገድ ኣለዎ። ሓረጣ ምሃብን ምውሳድን ኣብ ዘለካ ንብረት ዘይጽሩይ ነገር ይሕወሶ ስለዘሎ፡ ንበረካ ብምልጋስ ነቲ ዘሎ ለኪምዎ ዝከይድ እዩ።

27. <u>ልግሲ ብምርኣይ ናይ ህያባትን ሓገዛትን ምሃብ ጠባይ ምዝውታር</u>
ንኻልኦት ክትህብ እንከለኻ፡ ብመሰረቱ ባዕልኻ ትቕበል ኣለኻ ማለት እዩ። ተቐባሊ ጥራሕ ኣይትኹን፡ ወሃብ'ውን ኩን። "እንካ ዘይፈልጥስያ ሃባ መን ኣልመዶ?" ዝብል ባህላዊ ብሂል፡ ተቐባሊ ዝኾነ ሰብ፡ እንኮላይ ወሃቢ ንኽኸውን ዘተባብዕ ምስላ እዩ። ስስዔ ኣልጊስካ ዝርጉሕ ኢድ ይሃልውካ፡ ረቢ ሱ.ወ. ድማ ኢዱ ዘርጊሑ በረካ ክህበካ።

28. <u>ንናይ ካልኦት ሰባት ጌጋታት ይቕረ ምባልን ቂምታ ዘይምሓዝን</u>
በዲሎሙኒ ንእትብሎም ይቕረ ምባል ካብ ስድራኻ፡ ሓዳርካ፡ ቤተሰብካ ጀሚሩ ንኻልኦት ሰባት'ውን ዘጠቓለለ ክኸውን ኣለዎ

29. <u>ኣብ ልዕሊ ካልኦት ወላ ንእሽተ ትኹን፡ ጽቡቕ ጠባያ ምርኣይ</u>
ኣብ መነባብሮኻ ብዘይ ግቡእ ኣባኻኒ ኣይትኹን፡ ብዝከኣለካ ንኻልኦት ምሕጋዝ ምንጪ ናይ በረካ እዩ። ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ናብ ረቢ ሱ.ወ. ዱዓ ክንገብር እንከለና ገንዘብና ኣብ ኢድና ደኣ'ምበር ኣብ ልብና ኣይትግበሮ ኢሎም፡

(اجعل حب المال في يدك ، وليس في قلبك)

30. <u>ዱዓ</u>
ንረቢ ሱ.ወ. በረካ ንኽህበካ ሕተቶ። ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ይገብርዎም ካብ ዝነበሩ ዱዓታት እንድሕር ኣስተውዒልና ኣድላይነት በረካ ክሳብ ክንደይ ምዃኑ ክንመሃር ንኽእል። ጽቡቕ ንዝገብሩ ረቢ ሱ.ወ. ንኽባርኾም ትምኒትና ምግላጽ ባዕሉ ድዓ እዩ፡

(بارك الله فيكم)

ካልኦት'ውን ከም'ዚ ክብሉና እንከለዉ ምንጪ በረካ ይኸውን ኣሎ ማለት እዩ።
እንዳሰብ ክንዕደም እንከለና እውን እንከሎ ንዓደምቲ "ኦ ጎይታ! ነቲ ረዚቕካዮም ዘለኻ ባርኽሎም፡ ቐፍረሎምን ረሓመሎምን ድማ" ትሕዝቶ ዘለዎ ዱዕ ብስዒቡ ዘሎ መልክዕ ንኽንገብረሎም ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ይመኽሩና፡

(اللَّهُمَّ بَارِكْ لَهُمْ فِي مَا رَزَقْتَهُمْ وَاغْفِرْ لَهُمْ وَارْحَمْهُمْ)

ንሓደስቲ ዝተመርዓዉ ድማ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ዱዓ ክገብሩሎም እንከለዉ፡ "ረቢ ይባርኽልኩም፡ ኣብ ልዕሌኹም'ውን በረካ የውርደልኩም፡ ኣብ ጽቡቕ ድማ ይኣክብኩም" ዝብል ዓይነት ትሕዝቶ ዘለዎ ስዒቡ ዘሎ ዱዓ ይገብሩሎም ነይሮም

(بَارَكَ اللهُ لَكُم ، وَبَارَكَ عَلَيْكُم ، وَجَمَعَ بَيْنَكُمَا فِي خَيْرٍ)